# ከተማ ኣስመራ ኣብ ሓጺር ጊዜ ካብ ሓጽቢ ቶኮር ኣገልግሎት ማይ ክትረክብ እያ።

------------ 0 -------------

ቀረብ ማይ ከተማ ኣስመራ ውሑስ ንምግባር ብ40 ሚልዮን ዶላር ወጻኢ ዝህነጽ ዘሎ ሓጽቢ ቶኮር፣ ካብ ዝመጽእ ወርሒ ጥቅምቲ ጀሚሩ ኣገልግሎት ከምዝህብ ሓላፊ ኣገልግሎት ማይ ኣስመራ ኢንጂነር በርሀ ተስፋማርያም ሓቢሩ። ምህናጽ ናይዚ ሓጽቢ፣ ንዝመጽእ ዓሰርተ ዓመታት እታ ከተማ ዘተኣማምን ቀረብ ማይ ክትረክብ ከምዝኽእላ ድማ ኣረጋጊጹ።

እቲ ኣብዚ እዋን ንከተማ ኣስመራ ኣገልግሎት ዝህብ ዘሎ ናይ ማይነፍሕን ዓዲ ንፋስን ሓጽብታት፣ ምስ ምስፋሕ እታ ከተማን ምዕባይ ጠለብ ማይን እኹል ቀረብ ከምዘይብሉ ዝፍለጥ ኮይኑ፣ ሓጽቢ ቶኮር ድሕሪ ምጅማሩ ግን ቀረብ ማይ ብዕጽፊ ከምዝውሰኽ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ኣመልኪቱ።

ብዘይካዚ ኣገልግሎት ማይ ከተማ ኣስመራ፣ ስርዓት ዕደላ ማይ ውሑስ ንምግባር 18 ኪሎ ሜትር ዝንውሓቱ ሓደስቲ መስመራት ኣብ ምዝርጋሕን ነቲ ዝነበረ ኣረጊትን ጸቢብን ናይ ማይ ሻምብቆታት ብሓድሽን ገፊሕን ሻምብቆታት ኣብ ምቕያርን ከምዝርከብ ኣቶ በርሀ ብተወሳኺ ኣፍሊጡ።

ሓጽቢ ቶኮር 15 ሚልዮን ሜትሮ ኩቢ ማይ ክሕዝ ዝኽእልን፣ ብዓይነቱ ብዘይካ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ፣ ኣብ ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ ዘይተኣታተወ እዩ። እቲ ሓጽቢ ብሓደ ኣሜሪካዊ ትካል ዝተሳእለ ኮይኑ፣ 73 ሜትሮ ቁመትን 230 ሜትሮ ጎኒ ኣለዎ።

ኣብ 1996 ዝተጀመረ ፕሮጀክት ማይ ቶኮር፣ ካብ ኩዌይት፣ ባድያን ኦፐክን ብዝተረኸበ ልቓሕ እዩ ተመዊሉ።

--------------- ኣዜኤ ---------------